# ሓደገኛ እራኣእያታት ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ኤርትራ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 08.09.2009

ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለታት ዝቖመት ሃገር እያ። እዞም ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለታት ናትና እዩ ዝብልዎ ህዝብን መሬትን ኣለዎም። ነቲ ናትና እዩ ዝብልዎ ህዝብን መሬትን ክኣ ባዕላቶም ከመሓድርዎ እዮም ዝመርጹ። ነቲ ናትና እዩ ዝብልዎ መሬትን ህዝብን እናመሓደሩ ጥራሕ እዮም ኣብ ዝኾነ ካልእ ሃገራዊ ውዕል ብዕግበት ክኣትዉ ዝኽእሉ። ዝኾነ ኣካል ኮነ መንግስቲ ነቲ ናይ ምምሕዳር መሰሎም ገፊፉ፣ ንሱ ብዝመረጾ ከማሓድሮም ዝፍትን ሓይሊ ምስ ዝህሉ ግን ዓቕሞም ብዘፍቅዶ ክቃለስዎ ምዃኖም ዘይምዝንጋዕ። ስለዝኾነ፡ ኤርትራዊ ሃገርነት እውን እንተኾነ ንኹሉ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ይንኣስ ይዕበ ንነብሱ ንኽመሓድር መሰል ብምሃብ ኣቢልካ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ መንገዲ ክረጋግገጽ ኣይኽእልን እዩ። ነዚ መሰል መንጢልካ ሓደ ፊን ከምዘበሎን ብዝመረጾን መንገዲ ንኤርትራ ከመማሓድራ ምስ ዝፍትን፡ ንኤርትራ ኣብ ዘይቅሱን ኩነታት ከጥሕላ ከምዝኾነ ብኣጋኡ ምግንዛብ የድሊ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሕብረተ-ሰባዊ ዝምድና ብባህሪያዊ ሕጊ ተገዚኡ ምስ ኩነታቱ ካብ ሰባት ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኾነ ምኽንያታት እንዳማዕበለ ዝኸይድ እምበር፣ ብሰብ-ሰርሖ (ኣርቲፊሻላዊ) ኣገባብ ኣይምዕብልን እዩ።

ኵሉ ኤርትራዊ ኣብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ሂወቱ ንኽህብ ቁሩብ ከምዝነበረ ብተግባር ኣመስኪሩ። ንመስዋእትነት ቅሩብ ዝኾነሉ ምኽንያት ክኣ ምእንቲ መሰሉ ክረክብ እዩ። ኣብ ኤርትራ መሰሉ ከምዝተረጋገጸሉ ዝዕቅኖ ብምርግጋጽን ዘይምርግጋጽን ናይቲ ንሱ ቀዳማይ ቦታ ዝህቦ መሰል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ታሪኹ እንተድኣ መሰሉ ስለዝተሓድገ ወይ ዝተነፍገ ኣንጻር ጸላእቱ ይስዋእ ኔሩ፤ መሰሉ ኣብ ዝጋሃሰሉ እዋን ምእንቲ መሰሉ ክስዋእ ቅሩብ ክኸውን ከምዝኽእል ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። እንታይ እዩ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ተጻይ መልሲ ብዘየገድስ፡ መሰል ኵሉ ወዲ ሃገር ክሕሎ ኣለዎ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ፡

1. *መሬት ናይ ህዝቢ ዋንነት ምዃኑ ብምእማን፡ ዋንነት መሬት ናይ መንግስቲ እዩ ብዝብል ሽፉን ብሓይሊ ዝተመንዝዐ መሬት ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ይምለስ። ከምኡ'ውን፡ ብቕቡል ዝኾነ ምኽንያታት መሬቶም ክምለሰሎም ዘይተኻእለ ዜጋታት ኣምሳያኡ ፍትሓዊ ዝኾነ ካሕሳ ክውሃቦም ጕባኤ ወሲኑ።*

2. <u>*ኣብ ምክፍፋል ስልጣን እተመርኮሰ መንግስቲ ንምቛም ምቅላስ፡-*</u>

   5.1 *ብነጻ ተሳትፎን ምርጫን ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካውያን ውድባቱን ሰልፍታቱን ዝጸድቕ ሕገ-መንግስቲ ክህሉ ምቅላስ፤*

   5.2 *ስልጣን ማእከላይ መንግስቲ ኣብ መንጎ ሓጋጊ፡ ፈጻምን፡ ፈራድን ዝተኸፋፈለ ክኸውን ንኣምን፤*

   5.3 *ማእከላይ መንግስቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ዝውክል ክኸውን ምጽዓር፤*

   5.4 *መንግስታዊ ስልጣን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ በብደረጅኡ ተኸፊሉ፡ ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ምምሕዳር ነብሱ ተሳታፊ ክኸውን ዘኽእሎ ብሕገ-መንግስቲ እተረጋገጸ ዘይምእኩል ቅርጺ ምምሕዳር ክህሉ ምቅላስ። ምክፍፋል*

*ምምሕዳራዊ ኣካላት ነቲ ታሪኻዊ ኣቃውማ ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ሃገርና ዝሕሉን ዘኽብርን ቅርጺ ክሕዝ ምግባርን፤*

*5.5 ኣብ ስልጣን ንምምጻእ ይኹን ካብ ስልጣን ንምውራድ፡ ሕገ-መንግስቲ ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ብዲሞክራስያዊ ምርጫ ህዝብን ብሕጋዊ ቀጥዒ ምርጫን ክኸውን ምቅላስ፤*

*5.6 ዝቐውም መንግስቲ ዕልማናዊ መንግስቲ ክኸውን ምእማን፤*

*5.7 ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ሃገር ክኾና፡ ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ውን፡ ክዓብያን ክምዕብላን ዘኽእለን መሰል ከምዝረኽባ ምግባር።*

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንመሰል ሃገራውያን ጉጅለታት እንዳመንጠለ ባዕሉ ብዝመረጾ መንገዲ ንምምሕዳር ኤርትራ ምስርዑን ኣብ ሃገርና ዘስዕቦ ዘሎ ጸገምን ኵላትና ክንከታተሎ ጸኒሕናን ኣሎናን። ካብዚ ሓሊፉ እውን ብዘይድሌትን ፍቓድን ስምምዕን ዋናታት መሬት ንኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ደቂ-ሃገር ክዕድሎም ይርከብ። እዚ ተግባራት ምስ ካልእ ባህላውን ሃይማኖታውን ግህሰታት ተደማሚሩ ንብዙሓት ኤርትራውያን ክሻቕል ኣብ ርእሲ ምጽንሑ፣ ክሳብ ገለ ካብ ሕብረተ-ሰብና ንመንነቶም ንምጥፋእ (ንምሕቃቕ) ዝዓለመ መደባት ጌሮም ብምርዳእ ኣብ ዝለዓለ ዘይምትእምማንን ፍርሕን ከምዝወደቑ ክንዕዘቦ ዝጸናሕና ክውንነት እዩ። እቲ ናይ መሬትን ናይ ኣመሓዳድራን ጉዳይ ብቕኑዕ መንገዲ ምስ ዘይእለ፣ እቶም መሰሎም ዝተነፍጎም ኤርትራውያን ኣብ ኤርትራውነት ረብሓ ከምዘይብሎም ጌሮም ክርድኡ ስለዝኽእሉ መንነቶም ንምርግጋጽን መሰሎም ንምዕቃብን ቅኑዕ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ከዋጽኣና ይኽእል እዩ ዝብልዎ ስጉምቲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

ምምንዛዕ መሬት ጥራሕ ከይኣክል፣ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንገለገለ ዓድታት ናብ ካልእ ቦታትት ንክግዕዙ ይግድዶም ኣሎ ዚብል ጥሉል ሓበሬታ ኣሎ። እዚ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እንዳበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ናይ መሰል ምግፋፍ ኩነታት ንመጻኢ ጸገማት ሃገርና ናብ ዝኸፍኤ ደርጅኡ እንዳደፍኦ ይኸይድ ከምዘሎ ተረዲኦም ኵሎም ኤርትራውያን ኣንጻርዚ ኢደ-ወነናዊ ተግባራት ደው ክብሉ ኣለዎም። ነዚ እንዳዓሞቐ ዝኸይድ ዘሎ ሽግር ኣዝዩ ንኽዓሙቕ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ ብዙሓት እዮም። ገለ ካብቶም ተርእዮታት እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል፣

1. ብሽነኽ ስርዓት ህግደፍ - ናይ ስርዓት ህግደፍ ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦ በዚ ኣብ ላዕሊ ገሊጽናዮ ዘሎና ተግባራትን ካልእን ክግለጽ ይክኣል።

2. ህግድፍ ንዝፈጥሮም ሽግራት ብኻልእ መልክዑ ዘሳውሩ ኣሉታዊ ተርእዮታት፣

2.1. ሓደ ሸነኽ፡ ተሓላቒ ናይ ህዝቢ እንዳመሰለ ንህዝብና ብኣተሓሳስብኡ ኣብዚ ኩነታት'ዚ ንመዋእሉ ከምዝነብር ክገብር ዝፍትን ኣካል እዩ። እዚ ኣካል'ዚ ነቲ ህግደፍ ዝፍጽሞ ጌጋታት ኣብ ምጕላሕ'ኳ ንጡፍ እኳም እንተተጻወተ፤ እንትርፊ ኣሉታዊ ነገራት ምጽብጻብ ካልእ መዋጽኦ ዝኸውን ፍታሕ ዘይቅርብ እዩ። ህግደፍ ንዝገብሮም ጉድለታት ምቅላዕ ኣገዳሲ እዩ። ብዓንደ-ርእሱ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ እዚ እውን ንሱ እዩ። ይኹን እምበር እዞም ሸንኻት እዚኣቶም ብዘይካ ነቲ ጸገም ካብ ምጽብጻብን ምንህሃሩን ሓሊፎም፣ ህዝብና ካብ'ዚ ኣትዩዎ ዘሎ ሰልሚ ወይ ዓዘቕቲ ብኸመይ ክላቐቕ ይኽእል ዚብል ፍታሕ ኣየልዕሉን። ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎ ጸገም ምስ

*ናይ ሃገርና ክውንነት ኣተኣሳሲሮም ንሹሉ ህዝብና ዝጠቅም ፍታሕ ንኽምጽኡ ዝጽዕሩ፡ ነቲ ህግደፍ ዝፈጠሮ ጸገም እንዳልዓሉ ንህዝብና ነንሕድሕዱ ከናቑቱን፣ ኣብ መንጎ ህዝቢ ፍልልይን ጽልእን ፈጢሮም፣ ህዝቢ ነንሕድሕዱ ከም ጸላኢ ዘጠማምትን ዘተፋንን ዘይሓላፍነታዊ ርእይቶ ይነዝሑ። ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ተዋሳእቲ ዝኾኑ፣ ንባዕሎም ጠንቂ ሽግር ኮይኖም፣ ተግባራቶም ሰባብ ሳዕቤን ዘለዎ ኮይኑ ይርከብ።*

2.2. *እቲ ካልእ ጸገም ከኣ፣ እቲ ካብ ሃገራዊ ረብሓታት ኣጸቢቑ ርሒቑ ኣብ ጊዜያውን ውልቃውን ረብሓታት ተመርኲሱ ነቲ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ ከቢድ በደል (ከም ምምንዛዕ መሬት፣ በስገዳድ ኣብ መሬት እንዳማትካ ምጥያስ) ከም ቅኑዕ ጌሩ ዝወስድ እዩ። ገለ ካብዚ ኣካል'ዚ ኵሉ ኤርትራዊ ኣብ ዝመሰዮ ክሓድር ኣለዎ ዝብል ናይ ዓመጽን ስስዐን ጭርሖ ከስምዕ እንከሎ፤ ገለ ካብኦም ከኣ'ሞ ነቲ ተፈጺሙ ዘሎ ከም ቅቡል ወሲዶም፡ እቲ መደብ ከይዕንቀፍ ንባሉ ክንቃለስ ኣሎና እምበር እቶም ሰባት ድኣ ናበይ ከብሉ ብዚብል ኣጕል መርትየ ይሕለቑ። ናይዚኣቶም ተግባራት ክኣ ነቲ ተወጺዐ እየ ዚብል ኣካል ነቲ ጸገም ምስ ህግድፍ ዝመጸን ምስ ህግደፍ ዝኽይድን ጌሩ ንኽርድኦ ኣይሕግዞን እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ እዚ ኩነታት ድሕሪ ስርዓት ህግድፍ እውን ክቕጽሎ ዝደሊ ኣካል ከምዘሎ ናብ ምእማን ገጹ እዩ ዝደፍኦ።*

*እዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ጸገም ምስ ካልኦት ክልዓሉ ዝኽእሉ ጸገማትን ስክፍታታትን ብግቡእ ንኽፍትሖ ኣብዞም ዝስዕቡ መትከላት ኣሚንና ንምትግባርም ክኣ ብዕቱብነት ክንሰርሓሎም ይግባኣና።*

1. *ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለታት ከምዝቘመት ምእማን።*
2. *ነፍሲ-ወከፍ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለ ብታሪኽ ናቱ ዝኾነ ህዝብን መሬትን ከምዘለዎ ምእማን።*
3. *ዝኾነ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለ ንህዝቡን መሬቱን ባዕሉ ከመሓድር ከምዘለዎ ምእማን።*
4. *ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰባዊ ዝምድናታት ወይ እውን ኤርትራዊ ሃገርነት ካብ ናይ ደቂ ሰባት ሕሳባት ነጻ ኮይኑ ብባህርያዊ ሕግታት እንዳተገዝኤ ዝምዕብል ተርእዮ እምበር፣ ብናይ ሰብ-ሰርሖ (ኣርቲፊሻላዊ) ሕሳባት ክስራሕ ከምዘይኽእል ምእማን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ምስ ዝፍተን እውን ኣብ ንምፍትሑ ከሸግር ዝኽእል ከቢድ ጸገም ምእታው ምዃኑ ኣቕዲሙ ምፍላጥ።*

5. *ናይ'ቲ ሕጂ ዝፍጠር ዘሎ ሽግር ፍታሕ ብቐዳምነት በቶም ብህዝቢ ዝተመርጹ ቦታውያን መራሕቲ ክመጽእ ምትብባዕ፣ እዚ ምስ ዝግበር ህዝብና ፍታሕ ከምጽእ ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኰነን። ተራ ማእከላይ መንግስቲ ምድልዳልን ምክትታልን ሕጋውነትን ፍትሓውነትን ናይቲ ዝቐርብ ፍታሕ ጥራሕ ክኸውን ይግባእ።*

ነቲ ስርዓት ህግድፍ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ህዝቢ ምግዓዝ መደባት ንኸይቕጽል ምቅላስ ካብ ሕጂ ግደኻ ምብርካት ኣብ ምቅላል ናይቲ ዝመጽእ ፍታሕ ከምዝኾነ ምርድኡ ኣገዳሲ እዩ።